# ቅብኣተ ሜሮን፡ ኣብ ደብረ ኣስተርእዮ ማርያም ድባርዋ

ብ19 ለካቲት 2017 ኣብ ደብረ ኣስተርእዮ ማርያም ድባርዋ ብምኽንያት ቅብኣተ ሜሮንን ዕለት መብጽዓ ማሕበር ኣልዕሉ ኣልባቢኩሙ (sur sum corda) ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ብዝመርሕዎ መስዋዕተ ቅዳሴ፡ 28 ቆልዑ ቅብኣተ ሜሮን እንኪቕበሉ፡ 28 ኣባላት ብማሕበር ደናግል ደቂ ኢየሱስ ሕያዋይ ጓሳ ዝኻይድ ኣልዕሉ ኣልባቢኩሙ፣ ዝተሰምየ መንፈሳዊ ማሕበር ከኣ ኣብ ቅድሚ መንበረ ታቦትን ሊቀጳጳስን ዓመታዊ ምሕዳስ መብጽዓኦም ገይሮም። ከምኡœውን ሳልሳይ ፍጻመ ኣብዚ መስዋዕተ ቅዳሴ ካልእ ዓብይ ምስጢር፡ ማለት ምስጢረ ጥምቀት ሓንቲ ዕድለይና ሕጻን ብብፁዕ ሊቀጳጳስ ተፈጺሙ፡፡

ብፁዕ ሊቀ ጳጳሳት ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ኣብ



ስብከቶም፡ እንቋዕ ገጽ ንገጽ ኣረኣኤየና ድሕሪ ምባል ካብ ወንጌል ዮሓንስ ብዛዕባ ስራሕ መንፈስ ቅዱስ ጠቒሶም፡ ንተቀባእቲ ሕቶታት ትምህርተ ክርስቶስ ሓቲቶምœውን ብመልሶም ከኣ ኣዚዮም ተሓጒሶም። ምስጢረ ሜሮን፡ ተበዓት፡ ጽኑዓት፡ለባማት ክርስቲያን ዝገብረና ምስጢር ኢዩ። ኢየሱስœውን ኣብዚ ዓለምœዚ ብዙሕ ተቃውሞ ረኺቡ ኢዩ። ንሕና ግን ድኽማት ወደቅቲ ምኻና ኣይንረስዕ፡ ኩሉ ግዜ ሓገዝ ቅድስቲ ሥላሴ የድልየና፡፡

ኣብዚ ግዜና ሃይማኖት ካቶሊክ፡ ሃይማኖት ተዋህዶ ኣሪገን ኢየን እናበሉ ዘታልሉ ብዙሓት ኢዮምœሞ፡ መንእሰያትና ኣብ ትሕቴና እንክለው ትምህርቲ ክርስቶስ ነጽግቦም፡ ትምህርተ እምነቶም እንተጸጊቦም ደሓር ኣብ ዝኸድዎ ኣብ እምነቶም ይጸንዑ ኣይነቃነቑን ኢዮም። ነዚ ዝሕግዝዎም ከኣ ወለድን ቆሞሳትን መማህራን ትምህርተ ክርስቶስን ደናግልን ስለዝኾኑ፣ እዚኦም ኣብ መንእሰያት ዘለዎም ግደ ዓብይ ኢዩ ኢሎም። ነቶም ዓመታዊ መብጽዓኦም ዘሐደሱ ኣባላት ማሕበር ኣልዕሉ ኣልባቢኩሙœውን ትርጉም ስም ማሕበሮም ዝያዳ ኣብ ጸሎት ዘድሃበ ስለዝኾነ ኣብ ጸሎትን




ስብከተወንጌልን ዘትኮረ መንፈሳውነት ከማዕብሉ ኣተባቢዖምዎም። ድሕሪ ቅዳሴœውን ኣብ ቁምስና እቲ መደብ ብጸብጻብ ማሕበርን ቃለ ማዕዳ ብፁዕ ሊቀጳጳስን ቃለ ምስጋናን ተዛዚሙ።

____________________________________________

ኢየሱስ ነዲኡ፡ ነቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙርœውን ኣብ ጥቓኣ ደው ኢሉ ምስ ረኣየ፣ ነዲኡ ›ኣቲ ሰበይቲ! እንሆ ወድኺœ! በላ። ነቲ ወዲ መዝሙር ከኣ ›እንሃ ኣዴኻ!œ በሎ። እቲ ወዲ መዝሙርœውን ካብ ሽዑ ጀሚሩ ናብ ቤቱ ወሰዳ፤ (ዮሓ 19፡25-27)። ኣብዚ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣነ ግቡኣይ ፈጺመ እየ። በኛ ኩልኹም ኮይነ ደመይ ኣፍሲሰ ድኅነት ኣምጺኣልኩም።

›ንስኻትኩም ከኣ ሓላፍነትኩም ልበሱ። ንስኺ ንደቅኺ ሕለይሎም፡ ኣጸናንዕዮም፡ ለምንሎም፡ ኣጽልልዮም። ኣደይ እንተኮይንኪ ኣደ ኣኅዋተይን ኣኃተይን እውን ስለዝኾንኪ፡ሕድሪ ሂበኪ ኣሎኹ። ንስኻ ኣታ ዘፍቅረካ ወዲ መዝሙር ድማ ነዛ ኣደይን ኣደኻን ኣይትግደፋ፡ ሕለየላ፡ ደግፋ፡ ካብኣ ኣይትርሓቕ፣ ነዚ ዝህበካ ሕድሪ ከኣ ንኹሎም ኣኅዋትናን ኣኃትናን ኣመሓላልፎœ፣ ዝብሎም ዘሎ ይመስል

ማርያም ንኢየሱስ ኣዲኡን ጓል መዝሙሩን እያ። ስለዚ እዚ ብዛዕባ እግዝእትነ ማርያም፣ በቶም እምነት ዘወሓዶም ሰባት ዝዝርጋሕ ዘይቅኑዕ ትምህርቲ፡ መሰረት የብሉን። ቅድስቲ ማርያም ሎሚ ኣደና ጽባሕ ኣደና እያ። ንሕና ከኣ ሎሚ ከነኽብራ፡ ከነፍቅራ፡ ክንልምና፣ ጽባሕውን፡ ከነኽብራ፡ ከነፍቅራ፡ ክንልምና ኢና።










# ብሥራት

ለካቲት 2017 ዓ.ም.ፈ. ኅታም ቍ.109 ካቶሊካዊ ቤትጽሕፈት ርእሰ ኤጳርቅና ኣሥመራ (Catholic Secretariat – Archeparchy Asmara)


# ክብረ በዓል ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረት

፲፮ ለካቲት ፳፻፱ ዓ.ም ግዕዝ (23 ለካቲት 2017) ዓመታዊ ክብረ በዓል ርእሰ ኣድባራት ካቶሊካዊት ቤተክርስቲያን ደብረ ኪዳነ ምሕረት ኣሥመራ፡ ከምቲ ዝሓለፈ እዋናት ሎም ዓመት እውን ካብ ከተማታትን ገጠራትን ዝመጸ ብኣሽሓት ዝቁጸር ሕዝብን፡ብፁዕ ሊቀጳጳሳት ዘበኤርትራ፡ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ዘመንበረ ኣሥመራ፡ኣበምኔት ሲታውያን፡ ወኪል ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ የዕብዮ ኣባ ዑቕባጋብር ወልደጊዮርጊስ፣ ኣሕሉቅ ገዳማት ካልኦት ካብ ኩለን ሰበኻታትና ዝመጹ ብዙሓት ውሉደ ክህነትን ምእመናንን ኣብ ዝተረኽብሉ ብዓቢይ ዓጀብን ድምቀትን ከቢሩ ዊዒሉ። ኣብዚ ክብረ በዓል ካብ ሓለፍቲ ሃይማኖታዊ ጉዳያትœውን ተረኪቦም ነይሮም።

ንምስንዳው በዓል ኪዳነ ምሕረት፣ ንታስዕቲ ጸሎት ምህለላን ኣስተምህሮታትን ኪወሃብ ከምዝቐነየ ክምልከት ከሎ፡ ነተን ሾመንተ መዓልታት፡ እግዚእትነ ማርያም ኣደ ስብከተወንጌል ብኣባ እስጢፋኖስ ሕላፉ ኮምቦናዊ ፡እግዚእትነ ማርያም መምህር ምስጋና፡ ብኣባ የማነ ኃይሉ ካፑቺኒ፡ ወይኒ እምበር የብሎምን ብኣባ ኮኸበ ተወልደ ካህን ሰበኻ፡ እኖና ኪዳነ



ምሕረት ንግሥተ ሰላም ብኣቶ ነጋ ኣየለ፡ ኣደኡ ድማ ነዚ ኩሉ ኣብ ልባ ተዋህልሎ ነበረት፡ብእናቴ ምሕረት ግንቦት ቀ.ሓና፡ ስእልን ምስልን ቅዱሳን ብኣባ ያዕቆብ ተወልደ ካህን ሰበኻ፡ ክብሪ እኖና እግዚእትነ ማርያም ብኣባ ሰሎሞን ወልዱ ማኅበር ልኡካን፡ ኣብ ዝሙት ዝተረኽበት ሰበይቲ ብኣባ ግርማይ ኣብርሃ ሲታዊ ሃናጺ ኣስተምህሮታት ተዋሂቡ። ብድሮ በዓል ከኣ ከካብ ቦታኡ ዝተኣኻኸቡ ሊቃውንት ያሬዳውያን መዘምራንን፣ ገዳማውያንን፣ ዘደንቕን ንኪዳነ ምሕረት ዝበቅዕን ውዳሴን ከወፍዩላ ኣምሰዩ፣፣

ገለ ካብቲ ዝቐረበ ቅኔታት፦

በድንግል ንግሥተ ዓለም ፍትሓ፥
ኃጥኣን ኪዳነ ኣመ ይመጽእ ጽርሓ፥
ኣዳም ቡበርተ ጌጋይ እንተ ተሞቅሓ፥
በኃይለ ኪዳና መስቀል እማስሪሁ ተፈትሓ፥
ወዓንቀጸ ገነት ያርሁ እመ ተበውሓ፥
እስመ ነግሰ በዓለም ፍሰሓ።

------

ኢክህለ ነሚኦታ ዓቃቤ ሆህት መስቴማ፡ ለነፍሰ ስምኦን ኳሔላ



እስመ ቦኣት ውስጤ ገነት ለመርሕብ ማእከላ
ዘእንተ ባቲ ኤልያስ ወወልደ ነጐድጋድ ተድላ
ቦዊኣ ዛቲሰ ይኹን በሠረገላ
ማርያም የበበት ከዋላ፡

-----

ስሞያን በግዜ ተጽናሱ ውዳሴ፡ ማርያም ነበበ ለመዊት ኣልጸቀ
ለመድሎት ዘዊያ ዘሥማ እስመ ድኅነጥቀ፡
ሒሩተ ድንግል ጸሓይ ዲበ ልቦናኡ ሠረቀ፡
ወጸዊያ ሥማ ይነሥእ ብእሴ ዘቀድቀ
ወኃጥእ ይሬሲ ጻድቀ

-----

## ቅኔ ሥላሴ

ኣመ ዘንመ በግዜኡ፡ ለዓለመ ሙሴ
ዘይሰቅያ ኪዳነ ኣምላክ ዝናም
ዘላዕሉ ውስተ ምድረ ድንግል እዝን
ተሰምኣ እም ውስተ ደመና ቃለ ጻድቃን ቀርን
ዘይቤ ስምዕዎ ይእዜ ቃለ እግዚእ መድኅን
ሥምዓ ቃላቲሁ ከመ ይኹን
ዛቲ ሰረጹ ኣእዋም ጻድቃን፡
እለ ቦሙ ልምላሜ ኣሚን።

## እጣነ መጐር

በጽንዓ ድኩም ሰምኦን ዕጸ ኣሓቲ ገነት፤

በበጊዜ ትፈሪ ፍረ መድኃኒት ፤
ኣምጣነ ተሰቅለ እም ቀደሚ ኃበ ሞሓዘ ማይ ሞድሎት፤
ለዘትሴስዮም ለነፍሳት ወእመ ይእዜ እንተ ሰማያት
ሃብት፤
ዘስምኦን መልኣከ ኣድኅኖት፣ ተወህቦ ምሕረት
እም ርእሰ ኣድባራት ሰሰለ ወተግሕስ ሓይለ ኣበሳ
ጽልመት፤
እሰመ መልዕልቲሃ ታበርህ ብሎሂ ኪዳነ ምሕረት
ማሕቶት፤
ወርእሰ ኣድባራት ዘትትኣኮት፤
ብኃበ ትጉኣን ኣእላፍ ዘወልደ ክህነት፤
እለ ቦሙ ሃይማኖት ሃይመት፤ ዝብል ምጥቃስ ይከኣል። ብዘይካœዚ ብዕለቱœውን ማህሌትን ቅኔን ከፍስሱ ሓዲሮም፣፣ ኣብቲ ሰፊሕ ቤተ ክርስቲያን ኪዳነ ምሕረት ስፍሕ ብዝበለ ዙርያ ከቢቦም ኪዳንኪ ኮነ ለሓጥኣን ቤዛነ¡እናበሉ ክዝምሩን ክውድሱን ክትርኢ ከኣ ክንደይ መሳጢ ከምዝነበረ ኪግመት ይከኣል፣፣ ቀጺሉ እቲ ዓንዲ ሕቖ ስርዓተ ኣምልኾ ቤተክርስቲያን ዝኾነ መስዋዕተ ቅዳሴ ክጅመር ብብፁዕ ሊቀጳጳሳት ዝተመርሑ 32 ለባስያን ካህናት ኣብ ቦታ መስዋዕቲ፣ መንበረ ታቦት ምስኮኑ መስዋዕተ ቅዳሴ ጀመረ፣፣ እቲ ከቓድስ ዝመጸ ሕዝቢ ነቲ ርሒብ ምድርቤት ቤተ ክርስቲያን ኪዳነ ምሕረት ጻት ንጻት መሊኡ ፍርቁ ከኣ ኣብ ደገ ዝተሰርሐ ዳስ ኮይኑ፡ ብትሑት መንፈስ ተሳተፎ፣፣

ቅዳሴ ሰዓት 9፣00 ብዘብቅዐ ሕዝቢ በብደረጅኡን መዓርጉን ዕቤቱን ተሰሪዑ ብመቁጸርያን እግዚኦታን መዛሙርን ንክብሪ ኪዳነ ምሕረት ሰፊሕ ዑደት ዓወደ፣፣ ተሳታፊ ሕዝብ መእለውያ ኣይነበሮን፣ ኣገባብ ስርዓተ-ዑደት ድሕሪ ተዛዚሙ፡ ያሬዳዊ ዜማን ኣደይ ንቤተይ እወስደኪ¡ ዝብል ሓዲስ መዝሙር መንእሰያትን ምስ ቀረበ፡ እቲ ቃል ሊቀጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ክሰምዕ ተጻቢቡ ዝነበረ ብዙሕ ሕዝቢ እንሆ ወድኺ! እንሃ ኣዴኻ¡ ብዚብል ኣርእስቲ ዝቐረብዎ፥ ካብ ኢየሱስ እንሃ ኣዴኻ እንሃ ኣዴኺ¡ ዝብል ቃል ሰሚዕናን ተቐቢልናን ጸግዕናን ዑቕባናን ንግበራ። እቲ ወዲ መዝሙር ንገዝኡ ዝወሰዳ ንኣኡ ክሕሾ ኣዩ። ንሕናውን ንኣና ክሕሸና፡ ንቤትና ክሕሾ ንደቅና ኸሕሾም ንሕዝብና ክሕሾ ንሃገርና ክሕሻ ወትሩ ምሳኺ ንበላ። ንሳ ከኣ ወትሩ ምሳኹም ክትብለና እያ።¡ ዝብል መልእኽቲ ዘመሓላፍ ኣብ ክልተ ምዕራፋት ወንጌል ዮሓንስ ዝተወስደ ኣስተንትኖ ዝተመስረተ እዋናዊ ቃለ እግዚኣብሔር ኣስሚዮም። ንምሕዳስ ቤተክርስቲያን ርእሰ ኣድባራት ኪዳነ ምሕረትን ምሕናጽ መቓብር ጳጳራትን ብዝምልከት ከኣ እቲ ስራሕ ተጀሚሩ ምህላዉœውን ሓቢሮም። ነጋዲ ሕዝቢ ነዛ ኢየሱስ ሕድሪ ዝሃበና ኣደኡ ከም ኣደና ክንቅበል ከምዘሎና ዘተሓሳስብ ጥዑም ስብከት ሰኒቁ፡ ጸሎቱን መብጽዓኡን ፈጺሙ ነናብ ቦትኡ ብሰላም ተመልሰ፣፡

(ምሉእ ትሕዝቶ ስብከት ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብ 3ይ ገጽ ርኤ)









# ዜናን ንጥፈታትን ርእሰ ኤጳርቅና

## ሓዋርያዊ መገሻ ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ኣብ ኣፍሪቃ

ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም ሊቀጳጳሳት ኣባል ናይቲ ንካቶሊካዊ ዩኒቨርስቲ ምብሪቕ ኣፍሪቃ ዝከታተል ኮሚሽን ብምኻኖም፣ ኣብቲ በብዓመቱ ብእዋኑ፣ ኣብ ኬንያ-ካርቱም እቲ ኮሚሽን ዝገብሮ ስሩዕ ኣኼባ ንምስታፍን ከምኡœውን ኣብ ግብጺ-ካይሮ፣ ደቡብ ሱዳንን ኬንያን ዘለዉ ምእመናን ዘሥርዓተ ግዕዝ ንምብጻሕን ንምትብባዕን ካብ 4 ለካቲት ክሳዕ 14 ለካቲት ሓዋርያዊ መገሻ ኣቃኒዮም።



ብፁዕ ሊቀጳጳስ፣ ኣብቲ ናይ መጀመርያ መዓልቲ መገሻኦም ኣብ ካይሮ-ግብጺ ምስ በጽሑ ናብ ዘማሊክ ብምኻድ ቆሞስ ኣባ ወልደሚካኤል ተስፋዝጊ ምስ ኣርባዕተ ሚእቲ ዝኣኽሉ ምእመናን ዘለዉዎ ቁምስናን ምእመናን ማሕበር ቅ.ዮሴፍን ዘማሊክ በጺሖም፣ ምእመናን ምስ ቆሞሶም ብኽብሪ ተቀቢሎምዎም። ብፁዕ ሊቀጳጳስ ከኣ መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕሪጎምሎም። ኣብ ስብከቶም ድማ ካብ ወንጌል ዮሓንስ ምዕ.15 ጠቒሶም ኢየሱስ ኣነ ጉንዲ ወይኒ፣ ጨናፍሩ ከኣ ንስኹም ኢኹም¡ ስለዝበለና ብዘይ ብእኡ ሓንቲ ክንገብር ስለ ዘይንክእል ካብ ኢየሱስ ጐይታና፣ ካብ ማርያም ኣዴና ኣይንፈለ፣ ኣብ እምነትና ንጽናዕ ብምባል ኣተባቢዖምዎም። ሰንበት ኬንያ ብጺሖም፣ ናይ ክልተ መዓልቲ ኣኼባ ካቶሊካዊ ዩኒቨርስቲ



ምሥራቅ ኣፍሪቃ ተሳቲፎም፣ ከምኡœውን ክልተ መዓልቲ ካልእ ሓዋርያዊ ስራሓት ኣብ ኬንያ ኣሳሊጦም።ዓርቢ ናብ ደቡብ ሱዳን ብምኻድ ኣብ ቤትጸሎት ደናግል ኦርሶሊኒ በጺሖም። ድሕሪ ቀትሪ ከኣ ንልዕሊ ክልተ ሰዓት ምስ ካቶሊካውያን መንእሰያት ዘስርዓተ ግዕዝ ተራኺቦም፣ ብመንፈሳዊ ሃለዋቶም ዘትዮም።ሰንበት ከኣ ንኩሎም ኣብቲ ከባቢ ዘለዉ ምእመናን መስዋዕተ ቅዳሴ ኣዕሪጎም፣ ቃለ-እግዚኣብሔርœውን ኣስሚዮምዎም። ብፁዕ ሊቀጳጳስ ኣብ ስብከቶም ካብ ወንጌል ማርቆስ ብዛዕባœቲ ቤተሰቡን ፈተውቱን ኢየሱስ ከሕውዮ ናሕሲ፣ ኣፍሪሶም ናብ ኢየሱስ ዘቕረብዎœሞ ኢየሱስ ከኣ እምነቶም ርእዩ፣ ነቲ ልሙስ ወደየ! ኃጢኣትካ ተሓዲጉልካ¡ ጸኒሑ ከኣ ተንሥእ እሞ ዓራትካ ኣልዒልካ ኪድ¡ ብምባል ከም ዘሕወዮ ዘዘንቱ ክፉል ኣንቢቦም፣ ካብœዚ ክፍሊ ወንጌል›ዚ ምትሕግጋዝ ሓድሓድ ኢና ንምሃር። ብዙሕ ግዜ ብዛዕባቶም ዝሓወዩ ሰባት ጥራሕ ኢና ንዛረብ ።እንተኾነ እቲ ሰብኣይ ክሓዊ ዝሕግዝዎ ሰባት ክረክብ ነይርዎ። ሓጊዞም ከኣ ኣብቲ ዝብጻሕ ኣብጺሖምዎ። እምነቶም ርእዩ¡ ከኣ ብነፍስን ብስጋን ኣሕዊይዎ።

ዝበዝሕ ግዜ ሰናይ ነገር ንጅምር ግና ብእኡን ፈረቓኡን ¡ንገብሮ።ብምሉእ ልብና ንዝተጸገመ ክንሕግዝ ግብረሠናይ ከዘወትር ጽውዓት ኢና። ካልኣይ ካብዚ ምሕዋይ ናይœዚ ልሙስ ሰብኣይ እንመሃሮ ነጥቢ ከኣ ጥዕና ነፍሲ ካብ ጥዕና ስጋ ከም ዝዓቢ ኢዩ። ኢየሱስ ኃጠኣትካ ተሓዲጉልካ ምባሉ እቶም ሕዝቢ ኣይተሓጐሱን፣ ከመይ ኣምላኽ ጥራይ ኢዩ ሓጢኣት ዝሓድግ፣ ሓቂœዩ ኢየሱስ ከም ተራ ሰብ ኃጠኣት ክሓድግ ኣይኽእልን ኢዩ። ግና ኣይተረድኦምን እምበር ኣምላኽ ኢዩ ነይሩ። ስልጣኑ ከርኢ ከኣ ንነፍሱ ኣሕውዩ ከኣ ብስጋኡœውን ኣሕውይዎ።
ነታ ኣልዒላቶ ዝመጸት ዓራት ኣልዒሉዋ ከይዱ። ግዜያዊ ፍታሕ ዘይኮነስ ነባሪ ፍታሕ ሂብዎ። ሓገዝና ነባሪ እምበር ግዜያዊ ኪኸውን የብሉን። ከምኡœውን እቲ ካህን ዝህበና ፍትሓት በቲ ኢየሱስ ንሓዋርያቱ ዝሃቦም ስልጣን ኣነ ብስም ኣብን ወልድን መንፈስ ቅዱስ እፈትሓካ ኣለኹ¡ ኢዩ ዝብለና እምበር ባዕሉ ኣይኮነን ኃጢኣት ዝሓድግ።ከምቲ ኣብቶም ካልኦት ምስጢራት ብዝርኣ ምልክት ዘይርኤ ጸጋ እንቅበል በቲ ናይ ካህን ፍትሓት ከኣ ምሉእ ስርየት ኃጢኣት ንረክብ። ነዚ ኩሉ ግና እምነት ወሳኒ ኢዩ። እምበኣር ዝያዳ ኣብዚ ምድሪ ስደት ብልቢ ክንተሓጋገዝ ኣለና፣ ኣብ ቃል ኪዳናœውን ክንጸንዕ ኣለና። ክንጠላለም ኣይግባእን።ኢየሱስ ነቲ



ልሙስ እምነት እቶም ዘምጽእዎ ሰባት ርእዩ ከምዘሕወዮ፣ ንጽጉም ምሕጋዝ ብዘይካœቲ ናይ ኢየሱስ ስራሕ ናይቲ ኅብረተሰብ ግደœውን ዓቢይ ስለ ዝኾነ፣ ንእምነትና፣ ብጻዕርና ብምትሕግጋዝና ኢና ንምስክሮœሞ ንተሓጋገዝ ዝብል ትሕዝቶ ዝነበሮ ሃናጺ ቃል እግዚኣብሔር ኣቕሪቦምሎም። ኣብ እዋን ምሳሕœውን ምስ ኣባላት ቤትምኽሪ ምእመናን ተራኺቦም ብመንፈሳዊ ሃለዋቶሎም ብሰፊሑ ብሓባር ዘትዮም። ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ናቶም ቤተክርስትያን ክሰርሑ ዘበገሱሎም ሓሳብœውን እንደገና ተላዒሉ ብሓባር ዘትዮምሉ።ብፁዕ ሊቀጳጳስ ብድሕሪ እዚ መደብ ናብ ካይሮ ኢዮም ነቂሎም። ኣብ መልሶም ሰኑይ 13 ለካቲት ናብ ካይሮ ተመሊሶም ምስ ምእመናን ሃገርና ምህለላ ገይሮም። ድሕሪኡ ከኣ ሕቶን መልስን ዝነበሮ ኣስተምህሮ ኣቕሪቦምሎም።125 ቆልዑ ዝመሃርሉ ብኤርትራውያን ዝካየድ ካብ 1ይ ክሳዕ 6ይ ክፍሊ ዘምህር ቤት ትምህርቲœውን ተዓዚቦም።በዚ ከኣ እቲ ኣብ ግብጺ ፣ኬንያ ደቡብ ሱዳን ዝገበርዎ ሓዋርያዊ መገሻኦም ፈጺሞም ብሰሉስ 14 ለካቲት ነሥመራ ተመሊሶም።

## ንዓመታ እዛ እዋን፣ ብደሓን ንመለሳ¡

በስመኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ
ኣምልኾን ስግደትን ንቕዱስ ስሉስ
ክብሪ ንማርያም ኣደ ዘለዓለማዊ ንጉስ
ኪዳነ ምሕረት ዝጠፋኤት ሰላምና ትመልስ
ክንነግዳ መጺኢና ጥዑም ስማ ክንውድስ
ንዝገበረትልና ድማዕ ሞሳ ክንመልስ

ምስጋና ይብጽሓዮ ነቲ ልዑል ፈጣሪ
ንዑኡ እዩ ዝግባእ ሰግደት ብኽብሪ
ዘይብቀል ብናይ ሰብ ክፉእ ግብሪ
ሰራዩ ኣበሳ ሓጢኣት ዓለም መሓሪ
ክብሪ ንዓኡ ኣብ ሰማያት ኣብ ምድሪ

እግዚኣብሔር ኣብ ኤደን ገነት ተኸለ
ብኣምሳልና ከኣ ሰብ ንግበር በለ
ቀዳማይ ሰብ ኣዳም ኣብኣ እንሃለ
ምስ ረኣዮ ከኣ ንበይኑስ ኣይጽቡቕን በለ
ሰበይቲ ከኣ ገበረሉ ካብ ናቱ መሰንገለ
ኣዳም ከኣ ተቐበለ ዓጽመ-ስጋይ እናበለ

ኣብቲ ገነት ምድሪ ምስ በርሀ
ሰይጣን ብተመን ንእዋን በድሀ
ኣስሓታ እናበለ ዝብላዕ እነሀ
ኣዳም ውን በልዐ ብሔዋን ተገርሀ
ካብ ገነት እንክስጐግ ብዙሕ ፈርሀ
ተስፋ ድሕነት ግን መስቀል በርሀ



ኣዳም ብሄዋን በዝሐ ተዋለደ
ሄዋን ኮነት ፋልመይቲ ኣደ
ድኅነት ግን ብማርያም ተጋህደ
ቃል ኣምላኽ እሞ ኣብኣ ተኣጉደ
መድኃኔ -ዓለም ክርስቶስ ካብኣ ተወልደ
ንምሕረት ደቂ ሰባት ወፈዮቶ ነቲ ውሉዳ ሓደ
በዚ ኢያ ከኣ እትግለጽ እታ ፈቃር ኣደ

ኣብ ማሕጸን ኣዲኣ እንከላ ዝተሓረት
መልኣኽ ሰማይ ዝበጽሓ ብኽብረት
ፍቓዱ ይኹን ዝበለት ምስ ተበስረት
ብመንፈስ ቅዱስ ጠኒሳ ወዲ ዝተበኮረት
ምስ ወዳ ኣብ ምድሓን ሰብ ዝስመረት
ንሱ እዩ እምበር ምስጢር ኪዳነ ምሕረት

ማርያም ብሓቂ ኢያ ተስፋ ምጽኣት
ዘይበጽሓ ናይ ኣዳም ሓጢኣት
መኣዛ ኣለዋ ዘርዊ ንጽምኣት
ሃየ ደኣ ንለምንና ብምልኣት
ናይ ልብና ንንገራ ብዘይ ክፍኣት
ከተድሕነናœያ ካብ ዘለዓለማዊ ጥፍኣት

ቅድስቲ ማርያም ተስፉኡ ንኣዳም
ኣንታ ብስጋ እስከ ኣይንበል ዳም-ዳም
ዘለላ ወይኒ ኣላትና ፍሬ ናይ ገዳም
ውሽጣ ንእቶ ኣይ ንውጻእ ግዳም
ኣየቛረጽትን ካብ ንዓና ምዕዳም

ማርያም ኣደ ምሕረትœያ ብሓቂ
ቃል ኣምላኽ ዝጸረት እሳተ በርቂ
ንሓጥእ እትሕብር መገዲ ጽድቂ
ብኣኣ እዩ ዝተረኸበ ሰማያዊ ዕርቂ
ስማ ደኣ ንጸውዕ ኣብ ጊዜ ጭንቂ

ኪዳነ-ምሕረት ተቕርበልናœላ ዕድመ
ብጥዑም ጽሃይ ምሕረት ዝተሰለመ
ጥዑይ ይኹን ንዱኑስ ዝሓመመ
ኣቦን ኣደን ዝሰኣነ ብንእሱ ዝዘኽተመ
ንድኻ ይኹን በዓል ጸጋ ዝሃብተመ
ኣሕዋት ንስማማዕ ዳኣ ብሓባር
ግብሪ ጽድቂ ካብ ማርያም ንመሃር
ሰላም ክስፍን ንይቕረ ኣይንድሓር
ነንሕድሕድና ብፍቕሪ ንመሓሓር
ምኩርራይስ ኣይተርፍን ኣብ ሓደ ምንባር

ምኩርራይስ ኣይተርፍን ኣብ ሓደ ምንባር
ምስ ቂምታኻ ግን ዘይ ምውዓል ዘይምሕዳር
ትእዛዝ ኣምላኽœዩ ንብጻካ ከምነፍስኻ ምፍቃር
ዕርቡን ድሕነትዩ ንኹሉ ሰናይ ምግባር
ኣብ ምድሪ ፍቓዱ ምግባር
ኣብ ሰማይ ምስኡ ምንባር

ኣሕዋት ንዑ እሞ ነዛ ኪዳነ-ምሕረት ንወከሳ
ንጽህቲ ኣዴና ዘይብላ ኣበሳ
ኣብ ርእሰ ከተማና ዘላ መቕደሳ
ኣቡነ ኣብርሃ ፍራንሳዊ ምሃንድሳ
ኣቡነ ዘካርያስ ዮሓንስን ካልኣይ ወጌሳ
መጀመርያ መሪሕ ኣቡነ ኪዳነማርያም ካሳ
ንኹሎም ትቀበሎም ኣብ መንበረ ንግሳ

ዓሚ እዚ እዋን ነጊሮሙንና ሊቀጳጳሳ
እንሆ ተጀሚሩ ሕንጻታ ምሕዳሳ
ዘሎና ነበርክት ኣብዛ ለምለም ዳሳ
ዕጽፊ ክትህበና እያ ብልግሳ
ኢዮቤል ክነኽብር ወርቃዊ ሓምሳ
ንዓመታ እዚ እዋን ብደሓን ንመለሳ
ነዛ ሃገርና ሰላም ወሰናይ ይንገሳ

እቲ ዝገርምሲ፡ በዚ ጊዜና፡ ገለ ሰባት፡ ነታ እንሃ ኣዴኻ¡ እናበለ ባዕሉ ኢየሱስ በቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙሩ ገቢሩ ኣደ ክትኮነና ዝሃበናስ ኣደኹም ኣይኮነትን ይብሉና ኣለው። ከመይ ዝበለ ድፍረት እዩ? ነታ ኣደ ኢየሱስን ኣዴናንስ ኣደ ኣይትበልዋ ክብሉና? ኣብ ምንታይ ተመስሪቶም እዮም ነታ ብግልጺ ኣማሊዳ እተስልጥ ድንግል ማርያም ኣይተስልጥን ዝብሉ? ነታ እንሆ ወዲኺ¡ ዝብል ሕድሪ ካብቲ ፍቁር ወዳ ዝተቐበለትስ ደቂ የብልክን ክብልዋ? ኢየሱስ ነቲ ወዲ መዝሙሩ እንሃ ኣዴኻ¡ ክብሎ ከሎ፣ ብኣኡ ገቢሩ ንኹሎም ተኸተልቱዶ ኣይኮነን ዝበሎ? ንምኻኑ ንማርያም ዝጸልኡዋስ እንታይ ስለዝገበረቶም እያ? ብምሥጢረ ጥምቀት፡ ውሉድ ኣምላኽ፡ ኣኃውን ኣኃትን መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ ታቦት መንፈስ ቅዱስን ካብ ኮንና፡ እታ ዝወለደቶ ኣደ ኢየሱስ ብርግጽ ኣዴና እውን እያ። ወይስ እታ ኣደ ጓውና ክርስቶስ ኣዴና ኣይኮነትን ማለቶም እዩ? ፍቁራትን ፍቁራንን መንእሰያትና፡ በጃኹም ኣይትታለሉ! ንሕና ነደ ኢየሱስ ኣዴናውን ስለዝኾነት ኢና እነፍቅራ፡ ነኽብራ፡ ምሳኣ ብጸሎት ንዋሳእ። ንሳ ለሚና ተስልጥ እያ።



# እንሆ ወድኺ! እንሃ ኣዴኻ¡

## (ዮሓ 19:26-27)

## ፲፮ ለካቲት ፳፻፱፣ 23 ለካቲት 2017

ክቡራትን ክቡራንን ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ ዓሚ ኣብዚ መዓልትœዚ ክንፈላለ ከሎና ንዓመታ ዝእዋን ብደኃን የራኽበና ከምዝተበሃሃልና ንዝክሮ ንኸውን። እንሆ እምበኣር ሎሚውን፣ እግዚኣብሔር ብምሕረቱ፣ እኖና ኪዳነ ምሕረት ከኣ ብጸሎታ እንደገና ተራኺብና ነዚ ክቡር መዓልቲ ሓቢርና ከነብዕሎ ዕድል ተዋሂብና ኣሎ። በዚ ከኣ ንልዑል ፈጣሪ ብልቢ ነመስግኖ። እምላኽ ዝሃቦ እዩ ነዚ ዝረኸቦ። ነቶም ኣብዚ ዝሓለፈ ዓመት ብሞት ዝተፈልዩ ወገንና መንግሥተ ሰማይ የዋርሶም፣ ነቶም ዝሓዘኑ፡ ናዛዚተ ኅዙናን ባዕላ ተጸናንዓዮም። ብመገሻ ንዝረሓቑ፡ ብሕማም ወይ ሽምግልና ወይ ብኣገልግሎት ሃገር ኣብዚ ክብረ ብዓላ ክሳተፉ ንዘይከኣሉ ኩሎም ኣዴና ኪዳነ ምሕረት ባዕላ ተጽልሎም፣ ካብቲ ፍቁር ወዳ ከኣ ሰላምን ቅሳነትን ተማልደሎም።

ናይ ሎሚ ኣስተንትኖና ኣብ ክልተ ናይ ወንጌል ዮሓንስ ጠቕስታት ዝተኮረ እዩ ክኸውን። ቅዱስ ዮሓንስ ኣብ ወንጌሉ ክልተ ጊዜ እዩ ብዛዕባ እኖና እግዝእትነ ማርያም ዝዛረብ። እቲ ቀዳማይ ጊዜ ኣብ ምዕራፍ ክልተ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ብዛዕባ ዝተረኽበ ጸገምን ብዛዕባ ኣማላድነት እግዝእትነ ማርያምን፣ ኢየሱስ ዝፈጸሞ ናይ መጀመርያ ተኣምርን ከዘንትወልና ከሎ እዩ። እቲ ካልኣይ ጊዜ ከኣ ኣብ ምዕራፍ ዓሥርተው ትሽዓተ፡ ብዛዕባ ማርያምን እቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙሩን፣ ኣብ ጥቓ ኢየሱስ ስቑል ቀይሞም ከለው ይዛረብ። እቲ ቀዳማይቲ ጠቕሲ ኣብ ምጅማር ስብከተ ወንጌሉ እታ ካልኣይቲ ከኣ ኣብ ምዝዛም ምድራዊ ሕይወቱ እየን። እቲ ቀዳማይ፣ ንደቀ መዛሙርቱ ኃይለ መለኮቱ ዘርኣየላ፣ እቲ ካልኣይ ድማ ድኻም ሰብኣውነቱ ዝተገልጸለን መዓልታት እየን።

በቲ ቀዳማይ ጥቕሲ ንጀምር። ኣብ ሣልሳይ መዓልቲ ከኣ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ መርዓ ኮነ፣ ኣደ ኢየሱስውን ኣብኡ ነበረት። ኢየሱስ ምስ ደቀመዛሙርቱ ድማ ናብቲ መርዓ ተዓዲሙ ነበረ¡ (ዮሓ 2:1-2)። ሓደ ስድራ ውራይ ጌሮም ንማርያምን ንኢየሱስን ዓዲሞምዎም። ንሳቶም ከኣ ዕድመኦም ኣኽቢሮም ኣብቲ ሓጐሶም ክሳተፉ ኣብኡ ተረኽቡ። እንተኾነ እቲ ሓጐስ ምሉእ ከይኮነሎም ሓደ ጸገም ረኸቡ። ዘዳለውዎ ወይኒ ገና ጋሻኦም ኣብ ዳስ ከሎ መስተ ተወድኦም። ሰንቢዶም ዝገብርዎ ጠፊኡዎም ከሎ፣ እታ ወትሩ ሓላይት ኣደ ዝኾነት እኖና እግዝእትነ ማርያም ፍታሕ ትረክብ። ወንጌል ከምዝብለና፣ ወይኒ ምስ ተወድአ፣ ኣደ ኢየሱስ ›ወይኒ እምበር የብሎምንœ በለቶ። ኢየሱስ ድማ ›ኣቲ ሰበይቲ፡ ምሳኺ ኸ እንታይ ኣሎኒ? ጊዜይ ኣይበጽሐንœ በላ። ኣዲኡ ከኣ ነቶም ተዓጠቕቲ ›ንሱ ዚብለኩም ግበሩœ በለቶም¡ (ዮሓ 2:3-5)። ሽሕኳ ኢየሱስ ›ንኣይን ንኣኽን እንታይ ይምልከተና ባዕሎም እቶም ሰብ ውራይ ይሕሰቡሉœ ዝብል እንተመሰለ፣ ነቲ ኣጋንእ ማይ ክመልእዎ ኣዘዞም እሞ ብኃይሊ መለኮቱ ነቲ ማይ ናብ ወይኒ ለወጦ። ብኣማላድነት ኣዲኡ ነቶም ኣብ ጸገም ወዲቖም ዝነበሩ ሰብ ውራይ ካብ ሕፍረትን ውርደትን ኣናጊፉዎም ነቶም ተዓዲሞም ዝመጹ

ከኣ ሓጐሶም ምሉእ ክኸውን ሓጊዙዎም። ከምቲ ኣብ

ምዝዛም ዓመት ምሕረት ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ኣቦና ፍራንቸስኮስ ዝበልዎ፣ ምሕረት ኣምላኽን ውርደት ደቅ ሰብን፡ ኃይሊ እግዚኣብሔርን ድኽመትናን ክራኸብ ከሎ ወትሩ ምሕረቱን ርኅራኄኡን እዩ ዘሸንፍ። ኢየሱስ ነዚ ናይ መጀመርታ ተኣምራት እዚ ኣብ ቃና ናይ ገሊላ ገበሮ። ክብሩ ከኣ ገለጸ፣ ደቀ መዛሙርቱውን ብእኡ ኣመኑ¡ (ዮሓ 2:11)። ንሠለስተ ዓመት ዝኣክል ሰዓብዎ፣ ሰምዕዎ፣ ከም ዓቕሞም ፈለጥዎ። ዝፈጸሞ ብዝኁ ትእምርትን ተኣምራትን እውን ረኣዩ።

መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ኣብ መርዓ ቃና ናይ ገሊላ፡ ጊዜይ ኣይበጽሐን¡ ክብላ ከሎ እንታይ ማለቱ ይኸውን?።



ንዝጸገሞ ንምርዳእ፣ ጽቡቕ ንምግባር ፍሉይ ጊዜዶ የድልዮ እዩ? ዝብል ሕቶ ክመጸና ይኽእል። ስለዚ፣ እስኪ ናብቲ ካልኣይ ጥቕሲ ናይ ቅዱስ ዮሓንስ ወንጌላዊ ንሳገር። ኣብ ምዕራፍ 19 እንተሓለፍና ከምዚ ዝስዕብ ነንብብ። ኣብ ጥቓ መስቀል ኢየሱስ ከኣ ኣዲኡን ኃብቲ እኖኡን፡ ማርያም ሰበይቲ ቀለዮጳን፡ ማርያም መግደላዊትን፣ ደው ኢለን ነበራ። ኢየሱስ ነዲኡ፡ ነቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙርœውን ኣብ ጥቓኣ ደው ኢሉ ምስ ረኣየ፣ ነዲኡ ›ኣቲ ሰበይቲ! እንሆ ወድኺœ! በላ። ነቲ ወዲ መዝሙር ከኣ ›እንሃ ኣዴኻ!œ በሎ። እቲ ወዲ መዝሙርœውን ካብ ሽዑ ጀሚሩ ናብ ቤቱ ወሰዳ¡ (ዮሓ 19:25-27)። ኣብዚ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣነ ግቡኣይ ፈጺመ እየ። በጃ ኩልኹም ኮይነ ደመይ ኣፍሲሰ ድኅነት ኣምጺኤልኩም።

›ንስኻትኩም ከኣ ሓላፍነትኩም ልበሱ። ንስኺ ንደቅኺ ሕለይሎም፡ ኣጸናንዕዮም፡ ለምንሎም፡ ኣጽልልዮም። ኣደይ እንተኮይንኪ ኣደ ኣኅዋተይን ኣኃተይን እውን ስለዝኾንኪ፡ ሕድሪ ሂበኪ ኣሎኹ። ንስኻ ኣታ ዘፍቕረካ ወዲ መዝሙር ድማ ነዛ ኣደይን ኣደኻን ኣይትግደፋ፡ ሕለየላ፡ ደግፋ፡ ካብኣ ኣይትርሓቕ፣ ነዚ ዝህበካ ሕድሪ ከኣ ንኹሎም ኣኅዋትናን ኣኃትናን ኣመሓላልፎœ፣ ዝብሎም ዘሎ ይመስል። ብሓቂ

ከኣ ሳላ እቲ ገንሸል እግዚኣብሔር ዝኾነ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቀራንዮ ሓዲስ ኪዳን ተፈጺሙ ማለት እዩ። ኣብ ማኅሌት ዘለሊት ከምንዝምሮ ተፈጸመ ተስፋ ኣበው በማርያም ድንግል፣ ወበቀራንዮ ተተክለ መድኃኒት መስቀል¡ (ሰላም ለኲልያቲክሙ)፣ ናይ ኣበው ተስፋ ኣብ ድንግል ማርያም ተፈጺሙ፣ ኣብ ቀራንዮ ከኣ ናይ ድኅነት መስቀል ተተኺሉ¡ ዝብል እዩ። ኣብ ቀራንዮ ብዝተተኽለ መስቀልን፣ መድኃኒና ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ኣብ ኣፍ ሞት እንከሎ እንሆ ወድኺ! እንሃ ኣዴኻ! ብዝበሎ ቃላትን፣ ናይ ምሕረት ኪዳን ተፈጺሙልና እዩ።

እቲ ኢየሱስ ኣብ ወንጌል ደጋጊሙ ዘልዕሎ ዝነበረ ጊዜ ድኅነት ብግብሪ ከምዝበጽሐ ይገልጸልና። ኢየሱስ ነዲኡ ኮነ ነቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙር ኲሉ ከምዝተፈጸመ ፈሊጡ እቲ ጽሑፍ ምእንቲ ክፍጸም › ጸማእኩœ በለ። ኣብ ክንዲ ማይ ግን ብሰፍነግ ጌሮም መጺጽ ሀብዎ። ነቲ መጺጽ ምስ ጠዓመ ከኣ ›ተፈጸመœ በለ።

**ኣብ ቀራንዮ ብዝተተኽለ መስቀልን፣ መድኃኒና ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ኣብ ኣፍ ሞት እንከሎ እንሆ ወድኺ! እንሃ ኣዴኻ! ብዝበሎ ቃላትን፣ ናይ ምሕረት ኪዳን ተፈጺሙልና እዩ።...**

**ኣብ ቀራንዮ ዝተተኽለ ኪዳን፡ ኪዳን ፍቕሪ፣ ኪዳን እምነት፣ ኪዳን ተስፋ እዩ።**

ምሕረት እግዚኣብሔርን ክፍኣት ደቅ ሰብን ኣብቲ ዝለዓለ ጠርዙ በጺሑ። ሽዑ እቲ በጃ ኲሉ ዓለም ርእሱ ኣድኒኑ ነፍሱውን ወጸት¡ (ዮሓ 1:28-30)። መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ኣብ ቃናን ኣብ ቀራንዮን ክልተ ዓበይቲ ናይ ድኅነት ስራሓት ክፍጽም ከሎ፣ እኖና እግዝእትነ ማርያም ድማ ኣብዚ ስራሑ ተሳታፊትን ኣማላዲትን ተቐባሊት ሕድርን ከምዝኾነት ተረጋጊጹ። ኢየሱስ ኣብ ቃና ዘገሊላ ጊዜይ ኣይበጽሐን¡ ክብላ ከሎ ኣብ ቀራንዮ ግን እቲ ግዜ በጺሑ እዩ እንሆ ወድኺ ንስኺውን እጃምኪ ግበሪ ዝበላ። ነዚ ዝህበኪ ሕድሪ ተቐቢልኪ፡ ነዞም ኣኀዋተይ ቍሊሕ በልለይ፡ ተኸናኸንለይ¡ እናበለ ዚላበዋ ይመስል።

ካብኡ ንደሓር፣ ነታ ናይ ምሕረት ኪዳና ኮነ፣ ናይ ምሕረት ስራሓ ዘይውዳእ፣ እምንቲ ኣዲኡ ከምዝሃበና ንፈልጥ። ኣብ ቀራንዮ ዝተተኽለ ኪዳን ኪዳን ፍቕሪ፣ ኪዳን እምነት፣ ኪዳን ተስፋ እዩ። ቅዱስ ኢረነዎስ፡ ካብቶም ቀዳሞት ኣበው ቤተክርስትያን ከምዝበሎ፣ ነቲ ኣዴና ሔዋን ብኃጢኣታ ዝኣሰረቶ፣ ማርያም ብተኣዝዞኣ ፈትሓቶ¡ (ጸረ መናፍቓን XXII.4)። ብሓጺሩ፡ ኣደ መድኃኒ ብምኳና ንኹልና ምኽንያት ድኅነት ኮይናትልና ኢያ። ኣብ ጥቓ መስቀል ቆይማ ነዚ ኩሉ ክትዕዘብ ከላ፡ ኣዴና ማርያም ክትዛረብ ኣይንሰምዓን። ከቢድ ኃዘንን፡ ዓሚቍ ምሥጢር፡ ስለዝነበረ፡ ከም ልማዳ፡ ንኹሉ ኣብ ልባ እያ ኣዋህሊላቶ። ካብ ምዝራብ ጽን ኢልካ ምስማዕ ስለ እተቐድም፡ ቀስ እናበለት እያ ኣስተንቲናቶ። ሓንቲ ጊዜ ይኩንኒ በከመ ትቤለኒ ምስ በለት ካልእ ቃላት ትርፊ ኮይኑ ዝተራእያ ትመስል። እንተኾነ ናይ ኣደና ማርያም ሱቕታ ልዕሊ ብዙኅ ቃላት እዩ ዝዛረብ። ናይ ማርያም ተኣዝዞ ብግብሪ እምበር ብቃል ዝግለጽ ሕራይ ኣይኮነን።

ተወሳኺ መግለጺ ኣድላይነት የብሉን። እቲ ፍቑር ወዳ ኣብ መስቀል ተንጠልጢሉ ንዮሓንስ እንሆ ወድኺ ምስ በላ¡ እንታይ ተሰሚዑዋ ይኸውን? እቲ ፍቑር ወዳ ብብዙኃት ተጠሊሙ፡ ብዘይ ፍትሒ፡ ንሞት ተፈሪዱ ኣብ መስቀል ክመውት ምስ ረኣየት ነቲ ኢየሱስ ሒዛ ናብ ቤተመቕደስ ምስ ከደት ስምዖን ነቢይ፡ ነኣኺ ኦ ማርያም ሓሳብ ልቢ ብዙኃት ምእንቲ ኪግለጽ ናብ ልብኺ ሴፍ ክኣቱ እዩ¡ (ሉቃ 2:35) ዝበላ ዘኪራ ትኸውን። ድጕዓ ነቢይ ኤርሚያስ ከምዝብሎ ለይቲ ለይቲ ብኽያት ትበኪ፣ ንብዓት ኣብ ምዕጕርታ ይውኅዝ፣ ካብ ኲሎም ፈተውታ ሓደ እኳ ዘጸናንዓ የልቦን፣ ኲሎም ኣዕሩኻ ከሓዱዋ እሞ ጸላእታ ኮኑ---ኣቲ ጓል ኢየሩሳሌም ብምንታይ ክምስለኪ እየ? ምስ ምንታይከ እየ ዘመዓራርየኪ? ኣቲ ድንግል ጓል ጽዮን፡ ዘጸናንዓኪ መን እዩ? መስበርትኺ ዓብይ ከም ባሕሪ እዩ፣ እሞ መን የእውየልኪ?--- ኣቲ ጓል ጽዮን ናብ ኣምላኽ ካብ ልብኺ ኣእውዩ! ለይትን መዓልትን ከም ውሕጅ ኮይንኪ ንብዓትኪ ኣውኅዚ፣ ከቶ ኣይተዕርፊ፡ መርዓት ዓይኺ ኣይተዕርፊ¡ (ድጕዓ ኤርሚያስ 1:2) ነታ ኣብ እግሪ መስቀል ቆይማ ዝነበረት ኣዴና ማርያም ዝምልከት እዩ ዝመስል። በቲ ካልእ ወገን ከኣ እንሆ ወድኺ¡ ዝብል ቃል ዘጸናንዕ ድምጺ ወዳ እዩ። እንተ ወሓደ ሓደ ወድመዝሙር እሙን ተኸታሊ ወዳ ኮይኑ ተቐበላ፡ ንቤቱውን ወሰዳ። እቲ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ወድመዝሙር ነደ ኢየሱስ ከፍቅር ዕድል ተዋህቦ። ዮሓንስ ካብ ኲላቶም ተኸተልቲ መድኃኔ ዓለም እንሃ ኣዴኻ¡ ዝብል ዘጸናንዕ ድምጺ ክሰምዕ፡ እዚ ካበይ ኮነሉ?። ባዕሉ ኢየሱስ ከምዘበሎ እቲ ብዙኅ ዘፍቀረ ብዙኅ ከኣ ይሕደገሉ እዩ¡ (ሉቃ 7:47 ረአ)።

ፍቁራን ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ እቲ ምስ ማርያም ኣብ ጥቓ መስቀል ቆይሙ እንሃ ኣዴኻ¡ ዝብል ቃል መድኃኒና ዝተቐበለ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙር እውን ኣይተዛረበን። ብግብሪ ንማርያም ኣዲኡ ክትኮኖ ተቐበላ። ከተጸናንዖ፡ ከይትፍለዮ ከይትርሕቆœውን ናብ ቤቱ ወሰዳ ይብለና ቅዱስ ወንጌል። ንሕናœውን ንኪዳነ ምሕረት ኣዴና ከም ዓብይ ህያብ መድኃኔ ዓለም ተቐቢልና ኣብ ልብና ኣብ ገዛና ንቀበላ። ኲልና ነናብ ዝመጻእናዮ ክንምለስ ከሎና ነዴና ሒዝና ንመለስ። ነቶም ኣብ መንገዲ ዝገጥሙና ነቶም ኣብ ቊምስናታትና ኣብ ገዛውትና ገዲፍናዮም ዝመጻእና ከኣ እንሃ ኣዴኻ፡ እንሃ ኣዲኺ እናበልና¡ ነታ ጥዑም ዝስማ ኣዴና ከምዝቕበልዋ ንግበር። ኪዳነ ቃላ፡ ኪዳና ዘይውዳእ ኣደ ምሕረት ኣደ ኢየሱስ ስለዝኾነት ቃሉ ኣይተዕብርን እያ። ሓንቲ ጊዜ በቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙሩ ስለዝተቐበለትና ኣይትሓድገናን ኢያ። ወትሩ ኣብ ጎድንና ኣላ። ካብ ኢየሱስ እንሃ ኣዴኻ፡ እንሃ ኣዴኺ¡ ዝብል ቃል ሰሚዕናን ተቐቢልናን ጸግዕናን ዑቕባናን ንግበራ። እቲ ወዲ መዝሙር ንገዝኡ ዝወሰዳ ንኣኡ ክሕሾ ኣዩ። ንሕናውን ንኣና ክሕሸና፡ ንቤትና ክሕሾ ንደቅና ኽሕሾም ንሕዝብና ክሕሾ ንሃገርና ክሕሻ ወትሩ ምሳኺ¡ ንበላ። ንሳ ከኣ ወትሩ ምሳኹም¡ ክትብለና እያ። በታ ካብ ኢየሱስ ዝተቐበልናያ ማርያም ናብ ኢየሱስ ብምሉእ ልብና ንመለስ።

እቲ ዝገርምሲ፡ በዚ ጊዜና፡ ገለ ሰባት፡ ነታ እንሃ ኣዴኻ¡ እናበለ ባዕሉ ኢየሱስ በቲ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙሩ ገቢሩ ኣደ ክትኮነና ዝሃበናስ ኣደኹም ኣይኮነትን ይብሉና ኣለው። ከመይ ዝበለ ድፍረት እዩ? ነታ ኣደ ኢየሱስን ኣዴናንስ ኣደ ኣይትበልዋ ክብሉና? ኣብ ምንታይ ተመስሪቶም እዮም ነታ ብግልጺ



ኣማሊዳ እተስልጥ ድንግል ማርያም ኣይተስልጥን ዝብሉ? ነታ እንሆ ወዲኺ¡ ዝብል ሕድሪ ካብቲ ፍቁር ወዳ ዝተቐበለትስ ደቂ የብልክን ክብልዋ? ኢየሱስ ነቲ ወዲ መዝሙሩ እንሃ ኣዴኻ¡ ክብሎ ከሎ፣ ብኣኡ ገቢሩ ንኹሎም ተኸተልቱዶ ኣይኮነን ዝበሎ? ንምኳኑ ንማርያም ዝጸልኡዋስ እንታይ ስለዝገበረቶም እያ? ብምሥጢረ ጥምቀት፡ ውሉድ ኣምላኽ፡ ኣኃውን ኣኃትን መድኃኒና ኢየሱስ ክርስቶስን፡ ታቦት መንፈስ

**ፍቁራን ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ እቲ ምስ ማርያም ኣብ ጥቓ መስቀል ቆይሙ እንሃ ኣዴኻ¡ ዝብል ቃል መድኃኒና ዝተቐበለ ኢየሱስ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙር እውን ኣይተዛረበን። ብግብሪ ንማርያም ኣዲኡ ክትኮኖ ተቐበላ። ከተጸናንዖ፡ ከይትፍለዮ ከይትርሕቆœውን ናብ ቤቱ ወሰዳ ይብለና ቅዱስ ወንጌል። ንሕናœውን ንኪዳነ ምሕረት ኣዴና ከም ዓብይ ህያብ መድኃኔ ዓለም ተቐቢልና ኣብ ልብና ኣብ ገዛና ንቀበላ። ኲልና ነናብ ዝመጻእናዮ ክንምለስ ከሎና ነዴና ሒዝና ንመለስ። ነቶም ኣብ መንገዲ ዝገጥሙና ነቶም ኣብ ቊምስናታትና ኣብ ገዛውትና ገዲፍናዮም ዝመጻእና ከኣ እንሃ ኣዴኻ፡ እንሃ ኣዲኺ እናበልና¡ ነታ ጥዑም ዝስማ ኣዴና ከምዝቕበልዋ ንግበር።**

ቅዱስን ካብ ኮንና፡ እታ ዝወለደቶ ኣደ ኢየሱስ ብርግጽ ኣዴና እውን እያ። ወይስ እታ ኣደ ኀውና ክርስቶስ ኣዴና ኣይኮነትን ማለቶም እዩ? ፍቁራትን ፍቁራንን መንእሰያትና፡ በጃኹም ኣይትታለሉ! ንሕና ነደ ኢየሱስ ኣዴናውን ስለዝኾነት ኢና እነፍቅራ፡ ነኽብራ፡ ምሳኣ ብጸሎት ንዋሳእ። ንሳ ለሚና ተስልጥ እያ። ከምቲ ኣብ ቃና ዘገሊላ ዝተርአ፡ ንወዳ ሊሚናቶ ፍጹም ኣይኣብያን እዩ። ሽሕኳ ከም ሰብ፡ ኣገልጋሊቱ እንተኾነት ኣዲኡ ገቢሩ ኣኽበራ፣ ኣፍቀራ። ካብ ትፍጠር ብዘይ ናይ ኣዳም ኃጢኣት ከም እትጽነስ ገበረ። ምድራዊ ጕዕዞኣ ምስ ፈጸመት ከኣ ብነፍስን ብሥጋን ንሰማይ ከምትፈልስ ገበራ። ኣብ ሰማይ ከኣ ናይ መላእኽትን ቅዱሳንን ንግሥቲ ገበራ። እዚ ካብ ጥንቲ፡ እምነትን ትምህርትን ቤተክርስትያን ከምዝኾነ ብቅዱሳት መጻሕፍትን ትውፊትን ዝተረጋገጸ እዩ።

ቅዱስ ጳውሎስውን እምበኣር ኣቱም ኣኀዋትና፡ ጸኒዕኩም ቁሙ፣ ነቲ ብቃል ኮነ ብመልእኽትና ዝመሃርናኩም ከኣ ኃዝዎ¡ (2ተሰ 2:15) እዩ ዝብለና። ብሓጺሩ ማርያም ንኢየሱስ ኣዲኡን ጓል መዝሙሩን እያ። ስለዚ እዚ ብዛዕባ እግዝእትነ ማርያም፣ በቶም እምነት ዝወሓዶም ሰባት ዝዝርጋሕ ዘይቅኑዕ ትምህርቲ፡ መሰረት የብሉን። ቅድስቲ ማርያም ሎሚ ኣደና ጽባሕ ኣደና እያ። ንሕና ከኣ ሎሚ ከነኽብራ፡ ከነፍቅራ፡ ክንልምና፣ ጽባሕውን፡ ከነኽብራ፡ ከነፍቅራ፡ ክንልምና ኢና። ሥጋኣ ለቢሱ ኣብ ማኅጸና ንትሽዓት ወርኂ ተጸውረ፡ ኣብ ቤተልሔ ተወልደ፡ ጡብ ኣዲኡ ጠበወ፣ ከምቲ ወንጌል ሉቃስ ዝብሎ ወዲ 12 ዓመት ኮይኑ ኣብ ኢየሩሳሊመ ንሣልስቲ ጠፊኡዎም ቀንዩ ምስረኸብዎ፡ ምስኣቶም ወሪዱ ናብ ናዝሬት መጸ፣ ይእዘዞምውን ነበረ፣ ኣዲኡ ድማ ነዚ ኲሉ ነገር ኣብ ልባ ተዋህልሎ ነበረት።

ኢየሱስ ከኣ ኣብ ቅድሚ ኣምላኽን ሰብን፣ ብጥበብን ብቁመትን ብጸጋን ዓበየ¡ (ሉቃ 2:51-52)። ብሓቂ፡ ካብ ደቂ ኣዳምን ሔዋንን፣ ከም ኣደ ኢየሱስን ኣዴናን ማርያም ገቢሩ ናብ እግዚኣብሔር ዝቐረበን ምስኡ ዝተወኃኃደን ሓደ እኳ የልቦን። በዚ ምኽንያት እዩ ገብርኤል መልኣኽ ሰላም ንኣኺ ኦ ምልእተ ጸጋ፣ እግዚኣብሔር ምሳኺ እዩ¡ (ሉቃ 1:28) ዝበላ። ካብ ደቅ ሰብከ ከምኡ ዝበለ ሰላምታ እንትርፊ ንማርያም ንመን ቀሪቡዎ ይፈልጥ? እዛ ርኅርኅቲ ኣደና ግን፡ ከምቲ ኣብ ቃና ዘገሊላ ነቶም ተዓጢቕቲ ዝበለቶም ሎሚውን ንነፍስወከፍና ንሱ ዝብለኩም ግበሩ¡ እያ እትብለና እሞ ንስማዓያ። ወዳ ካባና ዝደልዮ ድማ፡ ዓመጽን ብልሽውናን፡ ሓሶትን ሓሜታን፡ ቂምን በቐልን፡ ገዲፍና፣ ሓቅን ፍትሕን ክንፈቱ፣ ንሓድሕድና ክንፋቐር፡ ክንተሓጋገዝ፡ ክንደናገጽ፡ ክንዕረቕ፡ ክንመሓሓር እዩ። ብኣማላድነት እዛ እኖ ምሕረት ኣዴና ነዚ ድልየት ፍቁር ወዳ ከነትግብሮ ክእለትን ጥበብን ይሃበና።

ኲልኹም ካብ ርሑቕን ቀረባን ዝነገድኩም ኪዳነ ምሕረት ባዕላ ድኻምኩምን ረሃጽኩምን ትቀበለልኩም። ድኻምኩም ንግደትኩም ጸሎትኩም ንትሩፋትን ንስርየት ኃጢኣትን ንቅድስናን ይግበረልኩም።
ቡሩክ ኣውደ ዓመት ንኩልና።

**ኣዴና ማርያም ካብ ምዝራብ ጽን ኢልካ ምስማዕ ስለ እተቐድም፡ ቀስ እናበለት እያ ኣስተንቲናቶ። ሓንቲ ጊዜ ይኩንኒ በከመ ትቤለኒ ምስ በለት ካልእ ቃላት ትርፊ ኮይኑ ዝተራእያ ትመስል። እንተኾነ ናይ ኣደና ማርያም ሱቕታ ልዕሊ ብዙኅ ቃላት እዩ ዝዛረብ። ናይ ማርያም ተኣዝዞ ብግብሪ እምበር ብቃል ዝግለጽ ሕራይ ኣይኮነን።**

**ካብ ኢየሱስ እንሃ ኣዴኻ፡ እንሃ ኣዴኺ¡ ዝብል ቃል ሰሚዕናን ተቐቢልናን ጸግዕናን ዑቕባናን ንግበራ። እቲ ወዲ መዝሙር ንገዝኡ ዝወሰዳ ንኣኡ ክሕሾ ኣዩ። ንሕናውን ንኣና ክሕሸና፡ ንቤትና ክሕሾ ንደቅና ኽሕሾም ንሕዝብና ክሕሾ ንሃገርና ክሕሻ ወትሩ ምሳኺ¡ ንበላ። ንሳ ከኣ ወትሩ ምሳኹም¡ ክትብለና እያ። በታ ካብ ኢየሱስ ዝተቐበልናያ ማርያም ናብ ኢየሱስ ብምሉእ ልብና ንመለስ።**